# ኣብ ናይ ቤት-ትምህርቲ ቤት-ጽሕፈታት ሕክምናና ንጉዳያትኩም ግዜ ንወስድ ኢና።

ኣገልግሎትና ንኩሎም ህጻናትን መንእሰያትን ኣብ ህዝባዊ ቤት-ትምህርታት ምሉእ ዞባ ዙሪክ ከምኡ›ውን ንወለዶምን መምሃራኖምን ከም ግቡእ ብነጻ ነእንግድ። ብተወሳኺ ድማ ሰራሕተኛታትና ብምስጢር ናይ ደገ ምውጻእ እገዳ ይቑየዱ እዮም።

ተወሰኽቲ ሓበሬታታት ኣብ ዝስዕብ ትረኽቡ፥
www.stadt-zuerich.ch/schularzt

## ናይ ቤት-ትምህርተይ ቤት-ጽሕፈት ሕክምና ኣበይ ይረኽቦ፥

**1 Schulkreis Uto**
Seestr. 346, 8038 Zürich
Tel. 044 413 41 30

**2 Schulkreis Letzi**
Lindenplatz 4, 8048 Zürich
Tel. 044 413 46 10

**3 Schulkreis Limmattal**
Langstr. 21, 8004 Zürich
Tel. 044 413 46 41

**4 Schulkreis Waidberg**
Rotbuchstr. 42, 8037 Zürich
Tel. 044 413 46 00

**5 Schulkreis Zürichberg**
Wildbachstr. 70. 8008 Zürich
Tel. 044 413 46 90

**6 Schulkreis Glattal**
Oberwiesenstr. 66, 8050 Zürich
Tel. 044 413 46 83

**7 Schulkreis Schwamendingen**
Dübendorfstr. 5, 8051 Zürich
Tel. 044 413 46 75




Stadt Zürich
Schulgesundheitsdienste
Schulärztlicher Dienst
Parkring 4, Postfach
8027 Zürich
Telefon 044 413 88 95
sg-sad.info@zuerich.ch

www.stadt-zuerich.ch/schularzt

© 2019 – Schulgesundheitsdienste der Stadt Zürich / Tigrinya

**Stadt Zürich**
Schulgesundheitsdienste

Schulärztlicher Dienst

ኣገልጉሎታት ናይ ቤት-ትምህርቲ ኣገልግሎት ሕክምና ከተማ ዙሪክ

# ምሉእ ጥዕና ኣብ እዋን ትምህርቲ



# ጥዕና ክቡር ነገር ስለዝኾነ ...


ኣገልግሎት ጥዕና ህጻን ሓደ ካብቲ መሰረታውያን መሰላት ቆልዑ እዩ። መሰረት ናይ ጥዑይ ወለዶ ኣብ ንእስነቶም ከለዉ እዩ ዝንበር። ወለዲ ጥራይ ዘይኮነ ብቤት-ትምህርቲ እውን ናይ ጥዕና ተኣማንነትን ባህርያት ጥዕናን ናይ ህጻናት ክድልድል ጻዕርታት ይካየድ እዩ። ሓደ ካብዚ ከኣ እዚ ናይ ቤት ትምህርቲ ዘእንግዲ ሕክምናዊ ኣገልጕሎት ክጥቀስ የከኣል። ብዓይኒ ዕድላት መሰል ጥዕና ተራእዩ ድማ እቲ ኣገልጕሎት ሕክምና ቤት-ትምህርቲ ብዝተኻእለ መጠን ጥዑይ ምዕባለ ዕብየት ናይ ኩሎም ተማሃሮ ካብ መዋእለ-ህጻናት ጀሚሮም ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ንኸህልዎም ጻዕርታት የካይድ። ንወለድን ናኣሽቱ ተመሃሮን ቤት-ትምህርታትን እቶም ዝስዕቡ ኣገልጕሎታት ነእንግድ፧

## ስለስተ ናይ ቤት-ትምህርቲ ክንክን መርመራታት ሕክምና




ብዝተኻእለ መጠን ምቹእ ባእታታት ኣብ እዋን ትምህርቲ ንነፍስ-ወከፍ ህጻን ክምስረት ኣለዎ። ስለዚ ኣብ ህዝባዊ ቤት-ትምህርትታት ሰለስተ ናይ ቤት-ትምህርቲ ክንክን መርመራታት ንኹሎም ህጻናት ተማሃሮ ክግበር ብሕጊ ተወሲኑ። ንሶም ድማ ኣብ 1ይ ዓመት መዋእል-ህጻናት፣ ኣብ 5ይ ክፍሊ ከምኡ›ውን ኣብ 2ይ ካልኣይ-ደረጃ ትምህርቲ ይግበሩ። ዕላማ ናይዘም መርመራታት ጠንቅታት ናይ ሕማምን ጕድለት ዕብየትን ህጻን ብኣጋ ንምፍላጦምን ከከም ኣድላይነቱ ድማ ዝግብኦ ክንክን ንምግባር እዩ።

## ምክልኻል ካብ ተላባዒ ሕማማት



ንፍዮ፡ ብርቱዕ ሰዓል፣ መግላዊ ነድሪ ሓንጎልን ካልኦት ኣብ ቤት-ትምህርቲ እንተ ኣትዮም ቀልጢፎም ንኸይላብዑ ስጕምትታት ንወስድ።

## ክታበት



ክታበት፡ ነብስናን ካልኦት ካብ ዝመሓላለፉ ብዙሓት ሕማማት ንምክልኻል ይጠቕሙና። ስለዚ ናይ ክታበት ክንክን ብምልኦም ህጻናት መርሚርና ኣድላይነት ምስ ዝህልዎ ብነጻ ተወሰኽቲ ክታበታት ነእንግድ።

## ፍሉያት ስልጠናታት ምንቅስቓስ



ብዙሕ ዘንቀሳቐሱ ቆልዑ ጽቡቕ ይድቕሱ፣ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ብዝያዳ ከትኮሩ ይኽእሉ ከምኡ›ውን መንፈሳዊ ሚዛኖም ሕልዉ እዩ። ብሓፈሽኡ ንጥዑይ ምዕባለ ቆልዑ፣ ብዙሕ ክንቀሳቐሱ ኣገዳሲ እዩ። ንቅሩብ ተመኩሮ ምንቅስቓስ ዘለዎም ወይ ልዕለ-ሚዛን ዝኾኑ ህጻናት ፍሉያት ስልጠናታት ምንቅስቓስ ነበርክት። ዕላማ ናይዘም ነጻ ስልጠናታት፣ ደስታን ጸወታን ምስቲ ኣብ ምንቅስቓስ ክረኽቡ እዩ።

ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ፧

www.stadt-zuerich.ch/schularzt

## ናይ ቤት-ትምህርቲ ሕክምናዊ ምኽሪ



ሕቶታት ብዛዕባ ምስ ቤት-ትምህርቲ ዝተኣሳሰረ ጥዕናን ምዕባለን ውላድኩም፣ ወለዲ ኣብቲ ናይ ቤት-ትምህርቲ ኣገልግሎት ሕክምና ከይዱም ምኽሪ ክወስዱ ይኽእሉ።

## ውልቃዊ ምኽሪ ኣመጋግባ



ብዛዕባ ሚዛን ውላድኩም ትጭነቑ ዲኹም? ሕቶታት ብዛዕባ ኣመጋግባ ስድራቤትን ኣመጋግባ ህጻንኩም ኣለኩም፧ ምምካር ኣመጋግባ ናይ ቤት-ትምህርቲ ኣገልግሎት ሕክምና ንወለድን ህጻናትን ብውልቂ ምኽሪ ይህብ እዩ። ዝያዳ ሓበሬታ ኣብ፧

www.stadt-zuerich.ch/schularzt

## ዋላ ዘይሓዊ ሕማም እንተሎ ብትምህርቲ ኩነታት ምምሕያስ

ንሕና ቤት-ትምህርታትን ውላዱም ዘይሓዊ ሕማም ዘለዎም ወለድን ንመኽርን ንሕግዝን ኢና። ብሕልፊ ኣብቲ ቤት-ትምህርቲ ወይ መውዓሊ ስጕምታት እንተ ደኣ ዘድልዮም ኮይኖም (ንኣ. ምሃብ መድሃኒታት)።

## ክንክን ህጻናት



ህጻናትንን መንእሰያትን ብዘይ ኣካላውን መንፈሳውን ጕድለት መታን ክዓብዩ ኢና ህጻናትና ክንክን ንገብረሎም።

## ምድላው ሓበሬታታት

እቲ ናይ ቤት-ትምህርቲ ኣገልግሎት ሕክምና ንዝተፈላለዩ ኣርእስታት ወረቓቕቲ ሓበሬታ የእንግድ። ንኣብነት፡ «Gesund und fit dank regelmässiger Bewegung», «Masern», «Behandlung von Kopfläusen», «Ist mein Kind bereit für den Kindergarten? Kriterien aus schulärztlicher Sicht», «Tipps zur Mediennutzung bei Kindergartenkindern», «Der passende Schulthek», «Infos und Tipps zum Frühstück und Znüni» ወዘተ ዝኣመሰሉ ተዳልዮም ኣለዉ። ዝያዳ ወረቓቕቲ ሓበሬታ ኣብ ዝስዕብ ትረኽቡ፧

www.stadt-zuerich.ch/schularzt